GEZANA ገዛና

ASSOCIATION SUISSE-ERYTHRÉENNE
SCHWEIZERISCH-ERITREISCHE VEREINIGUNG
ASSOCIAZIONE SVIZZERA-ERITREA
SWISS-ERITREAN ASSOCIATION

ማሕበር ገዛና ኣብ መንጎ ማሕበረሰብ ኤርትራን ኣብ ማእከላይ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ማሕበረሰብን ትካላትን ከባብያዊ ዝምድና ንምጥንኻር ዝዓለመ ሓድሽ ጨንፈር ኣብ ሉዘርን ይኸፍት ኣሎ።

ሉዘርን፡ 30 ጥቅምቲ 2024

ማሕበር ገዛና ዘይመንግስታዊ ነጻ ፖለቲካዊ ገለልተኛ ትካል እዩ። እዚ ማሕበር ንማሕበረሰብ ኤርትራውያን ተቐማጦ ስዊዘርላንድ ንምጥርናፍ ዝዓለመ ፡ ውህደቱን ምትእስሳሩን ንምድንፋዕን ፡ ፖለቲካዊ ጸግዕታት ሓሊፉ ህልው ማሕበረሰባዊ ጸጋማት ንምብዳህን ዝዓለመ እዩ።

ድሕሪ ናይ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ምዕራባዊ ስዊዘርላንድ ብፍላይ ድማ ኣብ ካንቶን ሸ፡ ክካይዶ ዝጸነሓ ማህበራዊ ስራሓት ፡ ኣብ ካንቶን ሉዘርን ወግዓዊ ክፍሊ ምምስራቱ ብሓጎስ ይሕብር።

እዚ ምስፍሕፋሕ እዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ንማሕበረሰብ ኤርትራ ንምድጋፍን ንምውካልን ምስ ህዝቢ እቲ ከባቢ ድልድል ንምህናጽን እዩ። ክፍሊ ሉዘር ምስ ተልእኾታት፡ ራእይን ክብርታትን ማህበር ገዛና ዝሰማማዕ፡ ንውህደት፡ ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ምክብባር ዝተፈላለየ ባህልታት ዘለዎ ተወፋይነት ክቕጽል እዩ። ብናጽነት ክሰርሕ፡ ብመሰረት ከባባዊ ምሕደራዊ ምስርሕ ዝተመጣጠነ ሕግታትን ስርሓትን ክቕጽል እዩ።

ፈለማ ከም ማሕበር ሸ ኤርትራውያን ዝተመስረተት ገዛና ኣብ ምዕራብ ስዊዘርላንድ ብዕዮታታ ቀልጢፉ ተፈላጥነት ብምርኻብ : ምስ ካልኦት ማሕበራት ምሕዝነ ብምጥንካር ፡ መስራቲ ኣባል ማሕበር ምዕራባዊ ስዊዘርላንዳዊ ዋዕላ ዑቕባ (CAR)እያ። ብተወሳኺ ገዛና ሸ ትምህርቲ ቛንቛ ኣደ ኤርትራ ቤት ትምህርቲ ብምኽፋት ፡ ቤት-ጽሕፈት ምኽሪ ምሕደራዊ ሓገዝ ብምቛም፡ ዝተፈላለየ ኣርእስታት ከም ውህደት፡ ጥዕና ወዘተ መደባትን ኣስተምህሮን ዋዕላታትን ተዳሉ ።

ምስፍሕፋሕ ገዛና ናብ ማእከላይ ስዊዘርላንድ ነዞም ተበግሶታት እዚኣቶም ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ንዝርከብ ማሕበረሰብ ኤርትራ ንምብጻሕን ንምጥርናፍን ዕድል ዝሁብ ኮይኑ፡ ምስ ትካላት ስዊዘርላንድ ድልዱል ናይ ዝርርብን ምትሕብባርን ንምምስራትን ንምጥንኻርን ዝዓለመ ኮይኑ ፡ ኤርትራዊን ድሌታቶም ዝገልጸሉ ቦይታ እዩ። ምስ ኣባላት ማሕበረሰብን ትካላዊ መሻርኽትን ማእከላይ ስዊዘርላንድ ብምትሕብባር ዝሓሸ፡ ንኹሉ ዝሓቁፍን ተስፋ ዘለዎን መጻኢ ብሓባር ክንሃንጽ ብሃንቀውታ ንጽበ።

ንዝያዳ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም፡

zentralschweiz@gezana.ch ወይ info@gezana.ch